# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ደርሆን ንስርን

Skriven av: Ann Nduku
Illustrerad av: Wiehan de Jager
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på många språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0/deed.sv

# ደርሆን ንስርን

Ann Nduku
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 3

(utan bilder)

ሓደ ግዜ፡ ደርሆን ንስርን መሓዙት ነበራ። ምስ ኲለን ካልኦት ኣዕዋፍ ብሰላም ይነብራ ነበራ። ካብኣተን ሓደ’ኳ ክነፍር ዝኽእል ኣይነበረን።



ጽላሎት ኣኽናፍ ናይ ንስሪ ኣብ ባይታ ኣብ ዝዓልበሉ ግዜ፡ ደርሆ ንጨቓዊታ ከምዚ’ላ ተጠንቀቐን። “ካብቲ ንቑጽን ቅሉዕን መሬት ኣልግሳ።” ንሳተን ድማ ከምዚ’ለን ይምልሳላ፡ “ዓያሹ ኣይኮንናን። ክንሃድም ኢና።”

ንጽባሒቱ ንስሪ ምስመጸት፡ ደርሆ ኣብቲ ሑጻ ክትጽሕትር ረኸበታ፡ መርፍእ ግን የላን። ስለዚ ንስሪ ብፍጥነት ነፊራ ብምውራድ ሓንቲ ካብ’ተን ጨቓዊት ሓዘት። ሒዛታ ድማ ተዓዝረት። ብድሕር’ዚ ንሓዋሩ፡ ንስሪ ኣብ ዝመጻትሉ፡ ደርሆ ነታ መርፍእ ንምርካብ ሑጻ ክትጽሕትር ትጸንሓ።



ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ’ቲ ምድሪ ዓጸቦ ኣተወ። ንስሪ መግቢ ክተናዲ ናብ ርሑቕ ቦታ ክትጓዓዝ ኔርዋ። እዛ ንስሪ ኣዝያ ደኺማ ተመልሰት። “ካብ’ዚ ዝቐልል ሜላ ጕዕዞ ክህልው ኣለዎ!” ድማ በለት።

ደርሆ ካብ ልዋም ዘለዎ ናይ ለይቲ ድቃሳ ምስተንስአት፡ ኣዝዩ ብሉጽ ሓሳብ መጺኡዋ። ካብ ኵለን ኣዕዋፍ መሓዙታ ረጊፉ ዝወደቐ ክንቲት ክትእክቦ ጀመረት። ሽዑ፡ “ነዚ ዅሉ ኣብ ልዕሊ ክንቲትና ሰፊና ነላግቦ፡” “ምናልባት እዚ ንጕዕዞ ቀሊል ክገብሮ ይኽእል ይኸውን እዩ።” በለት።



“በጃኺ ሓንቲ መዓልቲ ዕድል ሃብኒ፡ ሽዑ ኣኽናፍኪ ክትጽግኒ እንደገና ነፊርኪ’ውን መግቢ ክትምእርሪ ክትክእሊ ኢኺ።” ክትብል ደርሆ ንንስሪ ለመነታ። ሽዑ ንስሪ፡ “ሕራይ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ፡ ነታ መርፍእ ክትረኽብያ እንተዘይክኢልኪ ግና ከም ክፍሊት ሓንቲ ካብዘን ጨቓዊትኪ ክትህብኒ ኢኺ።” በለታ።

ዳሕራይ ንምሽቱ፡ ንስሪ ተመሊሳ። ኣብ መንገዲ ንዝዘለቐ ክንቲታ ከተላግበላ ደልያ ብዛዕባ እታ መርፍእ ሓተተት። ደርሆ ኣብቲ ከብሒ ኣናደየት። ኣብቲ ክሽነ ሃሰው በለት፡ ኣብቲ ቀጽሪ ደለየት። እታ መርፍእ ግና ኣብ ኩሉ ኣይተረኽበትን።



ካብ ምሉእ ዓዲ ንንስሪ ጥራይ እያ መርፍእ ዝነበረታ፡ ስለ’ዚ ንሳ ቀዳመይቲ ክትሰፊ ጀመረት። ጽቡቓት ጽምዲ ኣኽናፍ ንባዕላ ብምስራሕ ሰማየ ሰማይ ኣብ ልዕሊ ደርሆ ነፈረት። ደርሆ ነታ መርፍእ’ኳ እንተተለቅሓታ ምስፋይ ቀልጢፉ ኣሰልክዩዋ። ነታ መርፍእ ኣብ’ቲ ከብሒ ገዲፋ ንደቃ መግቢ ክተዳሉ ናብ ክሽነ ኣተወት።

እተን ካልኦት ኣዕዋፍ ግና ንስሪ ነፊራ ክትከይድ ርኣይኣ። ንዓኣተን እውን ኣኽናፍ ክሰፍያ ምእንቲ ንደርሆ መርፍእ ክተለቅሐን ሓተትኣ። እቲ ሰማይ ብኡ ንብኡ ብዝነፍራ ኣዕዋፍ መልአ።



እታ ናይ መወዳእታ ዑፍ ነታ ዝተለቅሓታ መርፍእ ክትመልሳ ከላ፡ ደርሆ ኣብኡ ኣይነበረትን። ስለዚ ጨቓዊታ ነታ መርፍእ ወሲደን ክጻወታላ ጀመራ። እቲ ጸወታ ምሰ’ሰልከየን፡ ነታ መርፍእ ኣብ’ቲ ሑጻ ገደፍኣ።